# መቐበሊ ማእከል መንእሰያት ቬስቢ

## ዘለኩም ሕቶታት ንምስማዕ ድሉዋት ኢና!

ንጾታዊ ርክብ፡ **ፍቕሪ** ከምኡ ውን ዝምድና ዝምልከት ሕቶታት ኣለኩም ድዩ?

**ንኣካላት** ከመይ ይመስል ወይ ከመይ ይሰርሕ ዝብል ሕቶታት ኣለኩም ድዩ?

**ንገዛ** ዝምልከት ዘለኹሞ ኩነታት ኣመልኩም ከተዘራርቡዎ ትደልዩ ሰብ ኣለኩም እዩ?

ክትርእይዎ እትደልዩ ዝተመዝገበልኩም **ገበን** ኣሎ ድዩ?

ብሓይሊ ናብ ካልእ **ከየመርዕዉኻ/ኺ** ስክፍታ ኣለካ/ኪ ድዩ?

**ንህወት ዝምልከት ብሓፈሻ** ምስ ዝኾነ ሰብ ክትዘራረቡ ትደልዩ ዲኹም?

**መከላኸሊ ጥንሲ** ንምጥቃም ወይ ውን ናይ ሓኪምፍቓድ መድሃኒት ከተሐድሱ ትደልዩ ኣለኹም ዲኹም?

ብነጻ ዝወሃብ **ኮንዶም** የድልየኩም ኣሎ ድዩ?

ጓሂ ወይ **ጭንቀት** ይሰመዓኩም ኣሎ ድዩ?

ናይ **ጥንሲ መርመራ** ክትገብሪ ትድልዪ ኣለኺ ዲኺ?

**ሕማቕ ስምዒት** ዘትርፈልካ ጾታዊ ርክብ ፍጺምካ ወይ ፈጺምኪ ዲኺ?

ብህጹጽ **ከኒና መከላኸሊ** ጥንሲ የድልየኪ ኣሎ ድዩ?

ብዛዕባ ጾታ፡ **መንነት** ወይ ውን ካልእ ክንዲ-ስም ምስ ዝኾነ ክትዘራረቡ ትደልዩ ኣለኹም ዲኹም?

ኣብ ትሕቲ **ዘፈራርህኹም** ወይ ውን ዝቆጻጸሩኹም ስድራ-ቤት ትቕመጡ ኣለኹም ዲኹም?

**ናይ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት** ምርመራ ክትገብሩ ትደልዩ ኢኹም?

ናይ ጎንጺ ወይ **ቁጥዐ** ስምዒታት ይግንፍለኩም ድዩ?

**ምንጻል-ጥንሲ** ከመይ ከም ዝካየድ ክትፈልጡ ትደልዩ ዲኹም?

ብዛዕባ **ቅጥዒ-ኣልቦነት** ክትፈልጥዎ ትደልዩ ነገር ኣሎ ድዩ?

... ወይ ውን ብዛዕባ ኣብዚ ዘይተጠቕሰ ነገር ከተዘራርቡና ትደልዩ ነገር ኣለኩም ድዩ?

## ምሳና ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ክትዘራረቡ ትኽእሉ!

**ንሕና ነዓኻትኩም ነቶም ንሰውነት፡ ጾታዊ-ርክብ ከምኡ ውን ንህወት ብሓፈሻ ዝምልከት ሕቶታት ዘለኩም መንእሰያት ንምሕጋዝ ዝተቐረብና ኢና። ንዓና ዝኾነ ነዕሩኽትኹም፡ ስድራኹም ወይ ካልኦት ኣባጽሕ ክትሓትዎም ዘይትኽእሉ ሕቶታት ክትሓቱና ትኽእሉ። ንእሽቶይ ወይ ውን ዓቢ ዝበሃል ሕቶ የለን። ምህላውና ነዓኹም ንምሕጋዝ እዩ። ንኹሉ ነገር ከኣ ብግቡእ ኢና ንርእዮም።**

**ኣብ መቐበሊ መንእሰያት ቬስቢ ብምምጻእ ምስ ሓካይም ኣደን ህጻናትን ኪኢላታት ክብክብን ክትራኸቡ ትኽእሉ። ምስ ሓኪም ማህጸን ከምኡ ውን ሓኪም ሕማማት ቆርበትን ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማትን ክትራኸቡ ትኽእሉ። ሓካይም ኣደን ህጻናትን ዝኾና፡ ንሰውነት፡ ጾታ ከምኡ ውን ጾታዊ-ርክብ ዝምልከት ሕቶታትኩም ንምምላስ ንሕግዝኩም። ንኣብነት ዝበለጸ መከላኸሊ መድሃኒት ወይ ውን ኮንዶም ንምጥቃም ንመኽረኩም። ንኹሉ ሰብ ደስ ዝብሎ ፍሉይ ኣገባብ ክህሉ ባህርያዊ እዩ። እቶም ክኢላታት ክብክብ ዝኾና ሰባት ከኣ ምስ ሰብ ከተተንፍስዎ ትደልዩ ነገር ምስ ዝህሉ ወይ ውን ኣብ ሂወትኩም ዝርብሽኩም ነገር ምስ ዝህሉ ማዕጾ ዝርርብ ንኽፍትልኩም። መብዛሕትኡ ግዜ፡ ምስ ርሕቕ ዝበለ ሰብ ስክፍታታትካ ኣልዕሊልካ ምዝርራብ ፍኹስ ይብለካ እዩ።**

**እቶም ኣብዚ ንሰርሕ ሰባት ንግብረሰዶመኛታት፡ ድርብ ጾታ ዘለዎም ሰባትን ካልኦት ሳልሳይ ጾታዊ መንነት ዘለዎም ሰባትን ንምእላይን ንምምካርን ዝሕግዝና ወነንቲ ናይ ዲፕሎማ መዓርግ ዘለና ሰባት ኢና። ንስራሕ ምስ ጾታዊ ነገራት ዘኽእለና ዲፕሎማ ኣለና**

**ምሳና ንምርኻብ ዝኾነ ትኸፍልዎ ነገር የለን። ነጻ እዩ። ነቲ እትነግሩና ነገር ውን ንምዕቃቡ ብሕጊ ቅዩዳት ኢና።**

**ቆጸራ ንምሓዝ ብደሓን ምጽኡ ንብል:**


**ብተሌፎን ቆጸራ ንምሓዝ:** 08-590 972 53

**ብኢንተርነት ቆጸራ ንምሓዝ** www.upplandsvasby.se/vasbyum

ኣብ መርበብ ሓበሬታና፡ ቆጸራ ከይሓኩም ብምምጻእ ኣገልግሎት እንህበሉ ሰዓታት መዓስ ምዃኑ ዝብልን ካልእ ኣገዳሲ ሓበሬታን ክትረኽቡ ትኽእሉ። ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ብምእታው ኣገዳሲ ዝኾነ ሓበሬታ ክትረኽቡ ከም እትኽእሉ ኣይትረስዑ www.umo.se

**መቐበሊ ማእከል መንእሰያት ቬስቢ ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ይርከብ**

**ናይ ብጽሖት ኣድራሻ:** Dragonvägen 84 A, Upplands Väsby




**እንርከበሉ ሰዓታት፥ ቅድሚ ናባና ምምጻእኩም ነቲ መራኸቢ ቦታ ዝምልከት ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ብኢመይል ወይ ውን ተሌፎን ደዊልኩም ርኸቡና። ኣብቲ ብኢንተርነት ቆጸራ እትሕዙሉ ገጽ ክትውከሱኒ ኢደሊ ኣለኹ ኢልኩም ጸሓፉ።**

Upplands Väsby
kommun

upplandsvasby.se • 08-590 970 00

UPPLANDS VÄSBY KOMMUN, 2015-03-19, KOMMUNIKATIONSENHETEN, 2016-10-20, 500 EX.

Tigrinja
ትግሪኛ



# ማእከል መቐበሊ መንእሰያት ቬስቢ

ዘለኩም ሕቶታት ንምስማዕ ድሉዋት ኢና!

ናይ ሆቢቲክዩው
ዲፕሎማ ኣለና